## ህዝቅኤል 11

19-20 ብትእዛዛተይ ምእንቲ ኺመላለሱ፣ ንፍርደይ ከኣ ኺሕልዉን ኪገብርዎን፣ ሓደ ልቢ፣ ኽህቦም፣ ሓድሽ መንፈስ ድማ
ኣብ ውሽጥኹም ከሕድረልኩም እየ። ካብ ስጋኦም ናይ እምኒ ልቢ ኸውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህቦም እየ። ንሳቶም ህዝበይ
ኪኾኑ እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ።

## ግብሪ ሃዋርያት 2

42 ብትምህርቲ ሃዋርያትን ብሕብረትን ብምቝራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ነበሩ።

43 ኣብ ኲሉ ነፍሲ ፍርሃት ኰነ፡ ብዙሕ ተኣምራትን ትእምርትን ድማ ብሃዋርያት ተገብረ።

44 እቶም ዝኣመኑ ዅላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ፡ ዘለዎም ኲሉውን ብርኪ ነበረ።

45 መሬቶምን ጥሪቶምን ይሸጡ፡ ንዅሎም ከኣ ከከም ዘድልዮም ይመቕልዎም ነበሩ።

46 ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤተ መቕደስ ከየቋረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ፡ ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቘረሱ፡ ብሓጒስን
ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገኑ ብሓንሳእ ኰይኖም ይበልዑ ነበሩ።

47 ኣብ ኲሉ ህዝቢ ኸኣ ዕድል ነበሮም። እግዚኣብሄር ድማ ዚድሕኑ ኣብ ጸጽባሕ ናብታ ማሕበር ይውስኽ ነበረ።

## ወ. ዮሐንስ 6

44 እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ዝሰሐቦ እንተ ዘይኰይኑ፡ ናባይ ኪመጽእ ዚኽእል የልቦን። ኣነ ድማ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ
ከተንሲኦ እየ።

45 ኣብ ነብያትውን፥ ኵሎም ካብ ኣምላኽ ምሁራት ኪኾኑ እዮም፡ ዚብል ጽሑፍ ኣሎ። እቲ ኻብ ኣቦይ ዝሰምዔን
እተማህረን ዘበለ ኸኣ ናባይ ይመጽእ።

46 ብጀካ እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝኾነ፡ ነቦ ዝረኣዮ የልቦን፡ ንሱ እዩ ነቦ ዝረኣዮ።

47 እቲ ብኣይ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላቶ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።

48 እንጌራ ህይወት ኣነ እየ።

49 ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ ማና በልዑ እሞ ሞቱ።

50 ካብኡ ዚበልዕ ዘበለ ምእንቲ ኸይመውት፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ።

51 እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዔ ዘበለ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ። እዚ ኣነ
ምእንቲ ህይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ኸኣ ስጋይ እዩ።